Seattle Public Utilities

King County

ኣገባብ ኣጠቓቕማ ዝናብ (RainWise) ደግፋ

# RainWise

## ኣብ ገዛኹም ንእትረኽብዎ ናይ ዝናብ ማይ ብቑጠባ ተጠቀሙሉ

### እቲ ሽግር እንታይ እዩ?

ኣብ ገዛኹም ንእትረኽብዎ ናይ ዝናብ ማይ ብቑጠባ ተጠቀሙሉ ኩሉ ግዜ ብርቱዕ ማይ ኣብ ዝሃርመሉ እዋን፡ እቲ ማይ ካብ ናይ ቤት ናሕሲ፣ ቅድሚ ገዛ፣ ከምእዎን ካልእ ጽፍሒታት ርስሓት ተሰኪሙ ናብ ናይ ከባቢ ሓጽብታት፣ ቀላይ ዋሽንግተን ከምእውን ፑጀት ሳውንድ (Puget Sound) የእትዎ። ብርቱዕ ዝናብ ምስ ህቡብላ ኣብ ዝሃርመሉ እዋን፡ እቲ ዝወርድ ብዝሒ ናይቲ "ህቡብላ ዝተሓወሶ ዝናብ" ማፋታት መሊኡ ከምዝፈስስ፣ ካብ በረኸቲ ቦታታትን ደንደስ ወሓዝቲ ሩባታትን ድማ ሓመድ ባሕጉጉ ይወስድ። ምስ ናትኩም ሓገዝ ድማ ዝናብ ዝፈቱ ተኽሊ ብምትካል ከምእውን መዕቖሪ ማይ ብምስራሕ ነዚ "ህቡብላ ዝተሓወሶ ዝናብ" ክከላኸል ይኽእል።



ናይ ሰ RainWise ራሕተኛታት፡ ምስ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቦታ ፍሉይ ዝኾነ ጠለባት ዝሰማማዕ ናይ ዝናብ ኣታኽልቲ ንምትካል ቅዲ የውጽኡ።

### ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምትታት RainWise

Go to [www.rainwise.seattle.gov](http://www.rainwise.seattle.gov)

1. **ንቤትኩም ዝበቅዕ እንታይ ኣገልግሎት ከምዘሎ ንምፍላጥ ኣድራሻኹም ኣብዚ ብምጽሓፍ ኣረጋግጹ፤** ከምኡ ብምግባር ድማ ካብቲ እትኽፍልዎ ተመላሺ ገንዘብ (rebate) ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
2. **ኣብቲ "ኮንትራክተር ርኸቡ" ዝብል ክፋል ናይቲ መርበብ ሓበሬታ** ካብ ብደንቢ ኽእለትን ፍልጠትን ዘለዎም ኮንትራክተራት ናይ ጨረታ ዋጋ ተቐበሉ። ናይ ባዕልኹም ኮንትራትከር ምረጹ።
3. **እቲ ዝመረጽኩሞ ኮንትራክተር ድማ መጀመርያ ኣቐዲሙ ኣብቲ ቦታ ንምህናጽ ተኽእሎ ኣንተሎ ንምምርማር ቆጸራ ድሕሪ ምግባር፡** ድሕሪኡ ነቲ ስይስተም ከተኽለልኩም እዩ።
4. **እቲ ኮንትራክተር ድማ ናይ መወዳእታ ምርመር ንምግባር ቆጸራ ይሕዝ።** ዝናብ ብኣገባብ ናይ ምጥቃም መርማሪ ድማ፡ እቲ ስይስተምኩም ብግቡእ ከምዝተተኽለ ከረጋግጽ እዩ
5. **ተመላሺ ገንዘብኩም (rebate) ተቐበሉ!** ነቲ ተመላሺ ገንዘብ መውሃቢ ፓኬጅ መሊእኩም ኣምጽእዎ እሞ ተመላሺ ገንዘብኩም ኣብ ውሽጢ 6-8 ሰሙናት ዘሎ ግዜ ይወሃበኩም



ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ተወከሱ፡

**[www.rainwise.seattle.gov](http://www.rainwise.seattle.gov)**

ሕቶታት ኣሎኩምዶ? ኢ-መይል ናብ **rainwise@seattle.gov** ልኣኹ ወይድማ ናብ ናይ ጋርደን መስመር ስልኪ **206-633-0224** ደውሉ።

## RainWise ዝርከብ ተመላሽ ገንዘ

### RainWise ንዝናብ ዝሰማምዖም ተኽሊን ንናይ መዕቆሪ ማይን ወጻኢታት ይሽፍን

ናይ RainWise ፕሮግራም ንመብዛሕትኡ ናይ መዕቖሪ ማይን ናይ ዝናብ ኣታኽልትን ንምእታው ዝኸፈል ዋጋታት ክሽፍን ይኽእል እዩ። ተመላሽ ገንዘብ ንምርካብ ኣብ ጥቓ ናይ ዝናብ ውሕጅ ዝሓልፈሉ ማፋ ዝተረጋገጸ ከባቢ እትቕመጡ ክኾውን ይግባእ። ገዛኹም ይግብኦ እንተኾይኑ ውሳኔ ኣብ ምውሳን ክንሕግዘኩም ኢና። **ገንጋም ናይቲ ተመላሽ ገንዘብ ኣስታት $4,000 ይኸውን።**

# መዕቆሪ ማይን፣ ናይ ዝናብ ተኽልን ወይድማ ክልቲኡ

# ብኸመይ መንገዲ RainWise?

## ናይ RainWise መዕቆሪ ማይ ብኸመይ ይሰርሕ?



እቲ መዕቆሪ ማይ ክንብል ከለና ሓደ ዓቢ ልዕሊ መሬት ዝስራሕ ካብ ናሕሲ ዝወርድ ናይ ዝናብ ማይ ዘዋህልል መዕቐሪ ማለት እዩ። ዓቢ ናይ ዝናብ በርሚል ዝመስል ክኸውን እንከሎ 200 ጋሎን ማይ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክሕዝ ይኽእል። ኣብ እዋን ክረምቲ፡ RainWise መዕቆሪ ማይ ካብ ዝናብ ዝወርድ ማይ ብምዕቓር ቀስ ኢሉ ናብ ናይ ማይ ማፋ ይፍንዎ። ኣን ግዜ ክረምቲ፡ እቲ ብምእካብ ተኽሊ ንምስታይ ክጠቅም ይኽእል እዩ።



መዕቐሪ ማይ ዝተፈላለየ ቅርጺ፣ መጠን፣ ከምእውን ሕብሪ ኣለዎ።

## ናይ RainWise ናይ ዝናብ ተኽሊ ብኸመይ ይሰርሕ?

እቲ ናይ ዝናብ ተኽሊ ኣብ ለጥላጥ ስፖንጅ ዓይነት ሓመድ ዘለዎ ቦታ ዝትኸል ዝተፈላለዩ ኣታኽልትታት ዘጠቓልል እዩ። ካብ ናይ ገዛኹም ናሕሲ ብገረንዳዮ ዝወርድ ማይ ብምእካብ ቀስ ኢሉ ናይ መሬት ከምዝዘሩቕ ይገብር። እቲ ሓመድን እቲ ኣታኽልትን ከም ናይ ተፈጥራዊ መንፊት ኮይኖም ብምግልጋል፡ እቲ ማይ ናብ መሬት ወይድማ ኣብ ቀረብኡ ዘሎ ሓጽቢ ቅድሚ ምእታዉ የጽርይዎ።



ናይ ዝናብ ኣታኽልቲ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣታኽልቲን ብመረጽክም ዓይነት ቅርጺ ክመጹ ይኽእሉ።







እቲ ናይ **RainWise** ኮንትራክተር ንገዛኹም ኣየናይ መንገዲ ዝያዳ ከምዝሓይሽ ንምውሳን ይሕግዘኩም፡ ከምእውን ዋግኡ ክንደይ ምዃኑን፡ ተመላሽ ገንዘብኩም ማዕረ ክንደይ ክኸውን ከምዝኽእልን ይሕብረኩም።

Seattle Public Utilities
King County

ኣብ ገዘኩም ናይ ዝናብ ማይ ብኣገባቡ ንምጥቃም ምሳኹም ሓቢርና ንሰርሕ።

www.rainwise.seattle.gov

2011_10367a_cistern_one-pager_TI.ai